UNITED NATIONS
HUMAN RIGHTS COUNCIL

# መግለጺ ኣቦ መንበርን ኣባላትን ኣህጉራዊ ኮሚሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ኢትዮጵያ፡ ኣብ መበል 52 ኣኼባ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት

**መጋቢት 12, 2015**

**ኣይተ መሓመድ ኦትማን ኣቦ መንበር ዓለም ለኸ ኮሚሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ**

**ክቡር ፕረዚደንት፡**

**ክቡራትን**

**ክቡራት ልኡኻትን ተዓዘብትን፡**

ብመሰረት ወሰነ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት 51/17 በዕለት 27 መስከረም 2015 ዓ/ም ዝተወሃቦ ዕማም ኣብ ምስላጥ ዝርከብ ኣህጉራዊ ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ሰራሕቲ ዝምልከት ነዚ ቤት መኽሪ ሓበሬታ ንምሃብ ዝተወሃባኒ ዕድል የቀንየለን። ሓዱሽ ኣቦ መንበር ኮምሽን ኮይነ እየ ዘገልግል ዘለኹ። በዚ ኣጋጣሚ እዚ’ውን ንመሳርሕተይ ኮምሽነራት ሚስትር እሰቴቬን ራትነር ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ወ/ሮ ራዲካ ኩማራስዋሚ ካብ ሲሪላንካ እውን ከላልየኩም ይደሊ። ከምቲ ኣባላት ሃገራት ዝፈልጥዎ እቲ ኮምሽን ክልተ ዕጽፊ ዘለዎ ዕማም ኣለዎ- እዚ ድማ ካብ ጥቅምቲ 2015 ኣትሒዙ ዝተፈጽሙ ጥሕሰት ሕገ ኣህጉራዊ ሰብኣዊ መሰላት፥ሕገ ሰብኣዊነት ከምኡ’ውን ሕገ ስደተኛታት ዝገልጽ ክሲ ምምርማርን ጸብጻብ ምሃብን ከምኡ’ውን ብዛዕባ ናይ መሰጋገሪ ፍትሒ ምኽሪ ምሃብ እዩ። ነቲ ዝተወሃባና ዕማም ኣብ ፍጻም ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምሰቶም ኣብ ሕብረት ኣፈሪቃ ዘለው መሻርኽቲን ከምኡ’ውን ምስ ተዋሳእቲ ሲቪላዊ ማሕበረሰብ ብቀጻሊ ኽንዓይ ጽዒርና ኢና።

እቲ ኮሚሽን ዝሓለፈ ዓመት አብ መስከረም ንመጀመርታ ግዜ ጸብጻቡ ናብ ላዕለዋይ ቤት፡ምኽሪ ካብ ዘቅርብ አትሒዙ ኩነታት ኢትዮጵያ ብፍልቀት መጺኡ ኣሎ። ብ23 ጥቅምቲ ፌደራላዊ መንግስትን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን (ሕወሓት) ነቲ ንልዕሊ ኽልተ ዓመት ዝጸነሐ ዕጥቃዊ ጎነጽ ኣብ ሰሜናዊ ኢትዮጵያ ኣብ ዝርከባ ዞባታት ትግራይ፥ አፋር ከምኡውን ኣምሓራን ንዝርከቡ ብሚልዮናት ዝቍጸሩ አንስትን፥ ሰብኡትን ቈልዑን ዝጸለወን ተጻብኦ ደው ናይ ምባል ስምምዕነት ፈሪሞም። ካብቲ ግዜ እቲ አትሒዙ እቲ ዞባ ዓብዩን ፥ቀጻልን ግጭት ክንኪ ኽሎ ተራእዩ እዩ።

እቲ ኮምሽን ነቲ ተጻብኦ ደው ናይ ምባል ስምምዕነትን ነቲ ስዒቡ ዝመጸ ምስ ምትግባር እተተሓሓዘ ውዕላት ብሓጎስ ተቀቢልዎ እዩ። ብፍላይ ንሰብኣዊ መሰላት ንዕቍባ ሰላማውያን ሰባት ፥ ናይ ሰብአዊነት ሓገዝ ብዘይ ዓንቀፍቀፍ ንምርካብ ከምኡ ውን ተሓታትነት ንምስፍን ዝተአተው መጽብዓታት ሓንጎፋይ ኢልና ኢና እንቅበሎ። እዚ ኮምሽን ከምዚኦም ዓይነት ጻዕርታት ኣብ መላእ ሃገር ቀጻሊ ንክኾኑ ብሃንቀውታ ይጽብ።

እቲ ስምምዕ ካብ ዝዛዘም ጀሚሩ መንግስቲ ፌደራል ብውሽጢ ዓዲ ዝውነን መሰጋገሪ መስርሕ ፍትሒ ቀዳማይ ስጉምቲ ዝህብ ተኸታታሊ ተበግሶታት ጀሚሩ አሎ። እዚ ድማ ኣብዚ እዋን’ዚ  ኣብ መሰጋገሪ ፖሊሲ ፍትሒ ዝካየድ ዘሎ ምምኽኻር የጠቓልል። ምዕባለታት ንምግምጋም ኣንጊህና እኳ እንተኾነ፡ እዚን ካልኦት ሃገራዊ መስርሓትን፡ንኹሉ ዝሓቁፍ ፡ጾታ ዝምልስ ፡ ግዳይን ከምኡ ውን ውጻዕ መዓት ማእከል ዝገበረ አገባባት ተሓታትነት ፥ ሓቂ ምዝራብን ዕርቅን ፡ካሕሳ ከምኡውን ከምዚ ዝበለ ጥሕሰት/ሃሰያ ካልአይ ንከይፍጸም ኣድለይቲ ፖሊሲታት ንምትካል አበርክቶ ክገብሩ ተስፍ ንገብር።

ክቡር ፕሬዝዳንት

ኩቡራትን

እዚ ኣውንታዊ ምዕባላታት ብተዛማዲ ዝተመሓየሸ ጸጥታን እካ እንተሃለወ፡ ካብ ጥቅምቲ 2015 ጀሚሩ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈጸሙ ዕምቆትን ስፍሓትን እቲ ጥሕሰት ክንርስዕ የብልናን። ናይ መሰከረም 2015 ጸብጻብና፡ እቲ ውግእ ኣብ ጥቀምቲ 2015 ካብ ዝጅምር ንዳሓር፡ ኩሎም ወገናት እቲ ግጭት ገበናት ኩናትን ምግሃስን፥ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ፈጺሞም እዮም ዝብል ርትዓዊ ምኽንያት ለኪቡ እዩ።

እዚ ኮምሽን ነዞም ጥሕሰታተ እዚኦም ከምኡ’ውን ድሕሪ ምፍራም ስምምዕ ሰላም ዝተፈጸሙ ተወሰኽቲ ጥሕሰታትን ግህሰትን ዝምልከት ጥርዓን ምጽርያን ይቕጽል ኣሎ። እዚ ኮምሽን፡ ንኸምዚ ዝኣመሰሉ

ተግባራት ነጻ መርመራን ተሓታትነተን ኣገዳሲ ምኻኑ፡ ንውጻዕ መዓት፡ ግዳያትን ስድራቤቶሙን ፍትሒ ንምርግጋጽ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣብ መጻኢ ንዝፍጸም ግህሰታት ግህሰታትን ንምዕጋት ኣገዳሲ ምኻኑ የጉልህ።

ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕገ መንግስቲ ፌደራል ኣብ እዋን ግጭት ዝፍጸሙ ገበናት ተሓታትነት ናይ ምርግጋጽ ቀዳማይ ሓላፍነት ኣለዎ። ምስዚ ተኣሳሲሩ፡ ብመንገዲ ሚንስትር ፍትሕን ኣብ ሞንጎ ሚንስትረታት ዝካየድ ሓይሊ ዕማም ሓዊሱ (IMTF) ፡ ከበድቲ ገበናት ፈጺሞም ዝበሃሉ ሰባት ንምጽራይ ንምኽሳስን ዝውሰዱ ዘለው ተበግሶታት ነስተብህል ኢና። መንግሰቲ ፌደራል ኣብ ዙርያ እዞም ጻዕርታት ዝለዓለ ግልጽነት ከረጋግጽ ኣብዚ መዳይ ምኽሪ ንምሃብ ድልው ምኻና ንላቦ። ብሓይልታት ኤርትራ ዝተፈጸሙ ከበድቲ ጥሕሰታት ተሓታትነት ዝርከበሉ መንገድታት ዘይምህላው ግና ስክፍታ ኣሎና እዩ።

ክቡር ፕረዚደንት

ክቡራትን

ብዛዕባ ኩነታት ስራሕና ሓጺር ሓበሬታ ክህብ ፍቀዱለይ። ሓፈሻዊ ጉባኤ ነቲ ንኮሚሽን ዝቐረበ ባጀት ኣጽዲቑዎ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ሓደስቲ ኣባላት ሰራሕተኛታት ኣብ ምእታው ይርከቡ። ንመወዳእታ ግዘ ንቤት ምኽሪ ሓበሬታ ካብ እንህብ ንደሓር፡ ቀዳምነታት መርመራናን እስትራተጅናን ንምሕባር ምስ ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት ዝገበርናዮ ምምኽኻር ቀጺልና ኣለና። ጂኦግራፊያዊ ስፍሓት ብዝምልከት ምርመራታትና ኣብ ክልላት ትግራይ፣ ዓፋር፣ ኣምሓራ፣ ኦሮምያ ተፈፂሞም ዝበሃሉ ጥሕሰታት ዝምልከት እዩ። ብዛዕባ ስፍሓት ንምርምሮም ፍጻመታት  ብዝምልከት፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ቀዳማይ ጸብጻብና ዝተዘተየሉ ከበድቲ ገበናት - ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ሲቪላት ዝፍጸም መጥቃዕቲ፡ ጾታውን ጾታው መሰረት ዝገበረ ዓመጽ፡ ከምኡ'ውን ሰብኣዊ ሓገዝ ምኽልካል- ንኻልኦት ግህሰታት'ውን ንርኢ ኣለና፡ ከም ብዘይ ፍቓድ ምእሳር፡ ምግሃስ መሰላት ህጻናት፡ ከምኡ'ውን ጽልኢ ዝመልኦ ዘረባ። ከምቲ ዕማምና ዝጠልቦ፡ ኣብ መሬት ኢትዮጵያ ዝንቀሳቐሱ ሓይልታት ኤርትራ ሓዊስካ፡ ብዅሎም ወገናት ተፈጺሞም ዝበሃሉ ጥሕሰታት ንምርምር ኣለና።

ክሳብ ሕጂ እዚ ኮሚሽን ምስ ግዳያት፡ ውጻዕ መዓትን ከምኡ'ውን መሰኻኽርን ዓሚቕ ቃለ መሕትት ኣካይዱ እዩ። እዚ ኣገባብ እዚ ብክፉት ምንጪ ምርመራን ከምኡ'ውን ጂኦ-ስፓትያል ሳተላትያዊ  ምስሊ ትንተናን ዘማለአ እዩ። ኣብ ርእሲ'ቲ ፍሉይን ኣብ መንጎ ወለዶታት ዘሎ ጽልዋ ግጭት ኣብ ህጻናት፡ ጾታዊ ኣረኣእያ ኣብ ምውህሃድ ሓያል ትኹረት ምሃብና ቀጺልና ኣለና።

ይኹን እምበር ክሳብ ሎሚ፡ ብተደጋጋሚ ሕቶታት እኳ እንተቐረበ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዛጊድ ንመርማሪ ጋንታና ናብታ ሃገር ክኣቱ ዘይምፍቃዱ የሕዝነና። በዚ ምኽንያት ድማ መብዛሕትኡ ስራሕና ካብ ርሑቕ እዩ ዝፍጸም ዘሎ። መንግስቲ ምስ ኮሚሽን ዘይምትሕብባር ዝወሰዶ ውሳነ ዳግማይ ክሓስበሉ ኣትሪርና ንላቦ። ብተመሳሳሊ ኣባል ሃገራት እዚ ኮሚሽን ናብ ኢትዮጵያ፣ ከምኡ'ውን ናብ ኢትዮጵያውያን ስደተኛታት ዘአንግዳ ሃገራት ንኽበጽሓ ኣብ ምምችቻው ክሕግዛ ነተባብዕ።

ኮሚሽን፡ ብመሰረት ካብዚ ቤት ምኽሪ ዝረኸቦ ዕማም ኣብ ምስላጥ፡ ኣብ ዙርያ'ቲ ንዝተፈጸመ ጥሕሰትን ግህሰትን ዝምልከት ሓቅታትን ኩነታትን – ኣብ ዝሓለፈ ይኹን ኣብ ቀጻሊ – ምምስራት፡ ከምኡ'ውን ንቐጻልን መጻእን ጻዕርታት ተሓታትነት ንምድጋፍ ተበጻሒን ኣብ ጥቕሚ ዝውዕልን መርትዖታት ምእካብን ምዕቃብን ይቕጽል።

ብዛዕባ መሰጋገሪ ፍትሒ ዕማምና፡ ብፍላይ ምስ ኣህጉራውን ዞባውን ደረጃታት ብምኽባር፡ ነቲ ፖሊሲ ማዕቀፍ ብዝርዝር ብቐረባ ንርእዮ ኣለና። ንመንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ንኮሚሽን ሃገራዊ ዘተ፡ ከምኡ'ውን ንኻልኦት ውሽጣዊ መዳርግቲ ኣካላት ሞያውን ቴክኒካውያንን ምኽርታት ንምሃብ ዘለና ቃል ደጊምና ነረጋግጽ።

ምስ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያን ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ዞባ ምብራቕ ኣፍሪካን ብምትሕብባርን ሓበሬታ ምክፋልን ክህልዉ ዝኽእሉ መዳያት ንምዝታይ ብቐፃልነት ኣብ ቀረባ እዋን ተወሳኺ ምዕባለታት ክንርኢ ተስፋ ንገብር። ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃ ዝርከባ ሃገራትን ካልኦትን እውን ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት ኣብ ምክትታል ዝርከባ ሃገራት ተራኺብና ኣለና።

ክቡር ፕረዚደንት

ክቡራትን

መዛዘሚ ስምምዕ ሰላም ኣብ መንጎ መንግስትን ህወሓት ንቕድሚት ንምኻድ ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ። ቅድሚ ስምምዕ ሰላምን ድሕሪኡን ተፈጺሙ ዝተባህለ ግህሰት ምጽራይ ኣድላይነት፡ ንሰብኣዊ መሰላት ምሉእ ብምሉእ ብምኽባር ዘላቒ ሰላም ንምፍጣር ከም ቀደሙ ኣገዳሲ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ምስቶም

ውጻዕ መዓትን፥ ግዳያትን መሰኻኽርን ካብ ዝገበርናዮ ርክብ ዝመጽእ ዘሎ ኣዚዩ በርቱዕ መልእኽቲ፡ ብዛዕባ እቲ ዝወረዶም ጉድኣት ዝያዳ ንቕሓት ክህልዎም ዘለዎም ድሌት፡ ከምኡ'ውን ንዘላቒ ሰላምን ፍትሕን ድምጺ ዝህብ ጻውዒት እዩ። ብዙሓት ሰላምን ፍትሕን ክልተ ነንሕድሕዶም ዘደልድሉ ዕላማታት ምዃኖም ጽኑዕ እምነት ይገልጹ - እቲ ሓደ ብዘይ እቲ ካልእ ክህሉ ከምዘይክእል - እዚ ድማ ብክልቲኦም ማለት'ውን በቲ ኮሚሽንን እዚ ቤት ምኽርን ዝካፈሉዎ መርገጺ እዩ።

ሓደ ካብ ዓዱ ዝተመዛበሊ ሰብኣይ፡ ንልዕሊ ዓመት ተኣሲሩ፡ ናብ ገዝኡ ክምለስ ዘይከኣለ ሰብኣይ ኣብዚ ቀረባ እዋን ከምዚ ኢሉና.

"ናብ ናይ ቀደም ህይወተይ ክምለስ እደሊ'የ፡ መጀመርታ ግን ሰላም ክርኢ ኣለኒ – ናብ ገዛይ ንምምላስ ውሑስ ክኸውን ኣለዎ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን፡ ከምኡ ኣይኮነን። ድሕሪ ሰላም፡ ህይወትና ዳግማይ ክንሃንጽ ምእንቲ፡ ደገፍ - ሰብኣውን ካልእን ሓገዝ የድልየና። ደሓር ከኣ ፍትሒ የድልየና። እቶም ገበን ዝፈጸሙ ዳግማይ ክገብርዎ ክኽእሉ የብሎምን። ኣብ መወዳእታ ንቕሓት የድልየና። ዓለም እንታይ ከም ዘጋጠመና ክትፈልጥ የድልየና። ክዝንጋዕ ኣይክእልን እዩ። ክንርስዕ የብልናን።"

የመስግን!